## ብጌታቸው ረዳ ካብ ዝምራሕ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ዝተውሃበ መግለፂ !

## ምእንተ ህላዌ ታሪኻዊ ውድብና ታሪኻዊ ውሳነ ንወስን !

ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ ፣

ዝኸበርኩም ኣባላት ውድብና ፣

ዝኸበርካ ጅግና ሰራዊትና ፣

ዝኸበርኩም ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን እትርከቡ ደገፍቲ ቓልስና ፣

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን !

ከምቲ ዝፍለጥ ብምኽንያት እቲ መበል 14 ጉባኤ እናተበሃለ ዝፅዋዕን ውስን ክፋል መሪሕነት ውድብና ኣካይደዮ ዝብሎ ዘይሕጋዊ ጉባኤን፥ ኣብ ትግራይ ብሓፈሻ ኣብ ውድብና ህወሓት ድማ ብፍላይ ኣብ ታሪኽ ዘይተረኣየ ፉሉይ ፖለትካዊ ኩነት ንክውለድ ምኽንያት ኮይኑ እዩ ።
ቅድም ቀዳድም እዚ ጉጅለ ነቲ ጉባኤ ዝብሎ ንምክያድ እንትውስን ፥ ኣብ ውድብና ፣ ኣብ መላእ ህዝብናን ኣብ ቀፃሊ ዕፃ ወለዶታት ትግራይን ሓደገኛ ፅልዋን ውፅኢትን ከምዝፈጥር ዝገመትናዮን ደምዲምና መርገፂ ዝወሰድናሉን እኳ እንተነበረ ሕዚ ኾይንካ ክረአ እንተሎ እውን ብተግባር ሓቂ ምዃኑ ዘረጋገፀ ኮይኑ ኣሎ ።

ዞባ ከም ዞባ ሙሉእ ዘይተሳተፈሉ ፣ ቁፅረን ዘይናዓቓ ወረዳታት ዘይተረኻባሉ ፣ ፍርቂ ሓይሊ ማእኸላይ ኮሚቴኡ ዝነፀጎ ፣ ቁፅፅር ኮሚሽኑን ነባራት ተተካእቲ ነባራት ማእኸላይ ኮሚቴ ዝተቓወምዎ ፣ ምስ መንግስቲ ፌደራልን ቦርድ መረፃን ክውዳእ ዝግበኦ ፖለቲካውን ሕጋውን ጉዳያት ዕልባት ኣብዘይረኸብሉ ፣ ብሓፈሻ መኸተ ኣብዘይ ተገምገመሉን ዝተማልአ ውድባውን ህዝባውን ተቐባልነት ዘይብሉን ብተብተብን ኢ-ዲሞክራስያዊ ብዝኾነ መንገድን ዝተገበረ ስለዝነበረ ምቅዋምና ኣፅርዩ ትኽክልን ኣብ ታሪኽና ካብ ዝሰራሕናዮ ተባዕ ፖለቲካዊ ቃልሲ ሓደን እዩ ።

እዚ ጉባኤ እዚ ዘምፀኦ መዘዝ ሕዚ ነት ብዓል ነዊሕን ድሙቕን ታሪኽ ውድብናን ኣባላቱን ከፋፊሉ ፥ ኣብዛ ፀባብ መድረኽ ንዝተጣየሸ ሓስዩ ፥ ነቲ ጅግና ሰራዊትና መሪሕነቱ ከፋፊሉን ኣባላቱ ፋሕፋሕ ኣቢሉን ፥ ህዝብና ተስፋ ሕውየቱ ከፅልምት ገይሩ ኣሎ ።

እዚ ከም ኣብዚ ታሪኻዊ ውድብ እዚ ዘለና መሪሕነት ብጣዕሚ የሕዝነናን የጉህየናን ።

ብስምረትን ሓድነትን ቆይምና ፣ ህዝብና መሪሕና ካብ ፅንታን መከራን ክነድሕኖ ብዘይ ምኽኣልና ዝስመዐና ሓዘን ወሰን የብሉን ።

ማእኸላይ ኮሚቴና ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ሕማቕ ኣጋጣምን ፀሊም ታርኽን ዘትዩ ኣሎ ። መበገሲ እቲ ዘተ ፥ ማዕረ ማዕረ እቲ ብህልኽ ፣ ብድሕረትን ድንቁርናን ዝተሰነየ ውሽጣዊ ጎነፅ ናይ ምእላይ ሕማቕ ባህልና ፥ ምፍራስን ምብትታንን እዚ ውድብ ዝደልን ዝምነን ደጋዊ ሓይሊ ምህላው ስዒቡ ደው ኢልካ ምሕሳብ የድሊ እዩ ካብ ዝብል ዝብገስ እዩ ።

ስለዝኾነ ድማ ብመሰረት ዝምልከቶም ናይ ፌደራል ኣብያተ ዕዮ ቅድም ኢሎም ብተኸታታሊ ዘውፅእዎ ንሕጋውነትን ህላወን እቲ ውድብ ኣብ ሕቶ ዘእትውን መሰርታዊ ድሌት ህዝብና ዝጻባእን ደንጋገታት : ግድን ዝተፈለየ ውሳነ ክንውስን ደፊኡና ኣሎ ።

እቲ ውሳነ ከምቲ ህዝብና ብተደጋጋሚ ዝሓተቶ ፥ ከምቲ ንዓና ሓዊሱ ቀሊል ዘይብሃል ሓይሊ ውድብና ዝጠለቦ ፥ ምእንተ እቲ ዝኣመነና ህዝቢ ክንብል ፥ ብፍላይ ድማ ቦርድ መረፃ ኢት/ያ በቲ ዝሓዞ መርገፅን ኣብ ልዕሊ እቲ ውድብ ንክፍፀም ዝፀሓፎ መግለፅን ቅድሚ ምፍፃሙን ዝተወሃበ ናይ ግዘ ገደብ ቅድሚ ምብቅዑን ፥ ሕግን ስርዓትን ብዝፈቕዶ፣ ስምምዕነት ፕሪቶርያን ብዘቐመጦን መላእ ኣባል ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ህዝብናን ብዘሳትፍ መንገዲ ጉባኤ ምክያድ ዝብል እዩ ።

ጉባኤ ነካይድ ።

ሕጋውነት ውድብና ንመልስ ።

ህዝብና መሪሕ ውድብ ክህልዎ ንግበር ።

ልዕሊ ውልቃውን ጉጅላውን ድሌታትና ብምዃን ታሪኻዊ ውሳነ ንወስን ።

ንሕና ናይ ቓልሲ ኣንፈትና ነፂርና ግን ድማ ኣፈላላይትና ንጎኒ ገዲፍና ፥ መድረኽ ዝጠልቦ ታሪኻዊ ውሳነ ብምውሳን ውድብና ይፅበዮ ካብ ዘሎ ናይ ጥፍኣት ሓደጋ ንምውሓስ ዘለና ድሌትን ቆራፅነትን በዚ መንገዲ እዚ እናሓበርና መላእ ብሄራዊ ዓቕምታትና ተጠቒምና ስምምዕ ፕሪቶርያ ክንፍፅምን ትግራይ ናብ ዝግበኣ ብራኸ ክንወስድን ፃዊዕትና ነቕርብ !

እዙይ እንተዘይኾይኑ ኣብ ሃላዋት ውድብ ምጥፋእ ብሕታዊ ተሓታቲ እቲ ዘይሕጋዊ ጉባኤ ዘከየደ ጉጅለ ምኻኑ ንኣባላትናን መላእ ህዝብና ክነፍልጥ ንደሊ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና !

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት

9 ሚያዝያ 2017 ዓ/ም